# ናይ ኣኽባ ጸዋዕት ንኹሎም ኢሮበቶት

ብሰብን ብተፈጥሮን ኣብቱ ከባቢ ንነዊሕ እዋን ብዝተፈጸመ ጌጋታት ህልውና ብህረሰብ ኢሮብ ካብ እዋን ናብ እዋን እናተሸርሸረ መጺኡ ሎሚ ኣብትሕቲ ከቢድ ሓደጋ ኣትዩ ከምዘሎ ኩላትና እንፈልጦን እንሰማማዓሉን ግሁድ ሓቂ ኢዩ። እዙይ ከምዙይ እናሃለወ ንሕና ደቂ ብፍላይ ኣብ ስደት ዓለማት እንነብር ክንገብር እንተደሊናን እንተተሓባቢርናን ንዙ ኩነታት ንምልዋጥ ብዙሕ አስተዋጽኦ ክንገብር እናኽኣልና ኣብ ዘዘሎናዮ በብውልቅና ኢህ ኢልና ክንፈር ካብምምጣጥ ዝሓለፈ ክሻብ ሐዚ ምንም ነገር ከምዘይገበርናውን ግልጺ ኢዩ።

ዓይንና እናረኣየ፣ እዝንና እናሰምዐ ህልውና ህዝቢ ኢሮብ ቀሰ ብቀስ እንትሸርሸር ሱቕ ኢልና ምርኣይ ክሻብ መዓስ፣ ንምንታ? ዝብል ሕቶ ተመሊሱ ክግበር ዝግበኦ ኩሉ ብሓባር ምስራሕ ክንጅምር ዝግበኣና ዝነበረ ጊዜ እዋኑ ዝሓለፈኳ እንተኾነ፣ ሐዚውን ሱቕ ኢልና ብቱ ገጋ መንገዲ ካብ ምቕጻል ደንጒናውን እንተኾነ ሓደ ነገር ምግባር ዝሓሸ ኢዩ ብምባል ጸገም ህዝብና ብኹሉ መዳይ ዘቲና ንዙ ጸገም እዙይ ንምቅላል እልካውን ንምውጋድ ካብ ቡድናዊ አተሓሳስባን አከያይዳን ወጺእና አብትሕቲ ሓደ ካብ ፖለቲካ ነጻ ዝኾነ ሲቪክ ማሕበር እንእከበሉ መንገዲ ንምድላይ ናይ ግድን ኩላትና ብዘይ ምንም ፖለቲካዊ አፈላላይ ተራኽብና እንዛተየሉ መድረክ የድልየና።ንዙ መድርክ ንምድላው ድማ ገሊና ናግድን ተበግሶ ክንወስድ ስለዘሎና እኒሆ ኣነ እዙ ተበግሶ ብምውሳድ ኩሉ ኢሮበታይ ብዘይካ ምንም ፖለቲካዊ አፈላላይ ክሳተፈሉ ዝኽእል ሓደ ዓለም ለኸ ተለኮንፈረንስ ንምድላው ተበግሶ ብምውሳድ እዙ ጸዋዒት ንኩልኻትኩም ኣቕርብ አሎኹ።

እቱ ተለኮንፈረንስ ኣብ ዲሰምበር ኣብ እዋን ናይ ፈረንጂ ልደት ዕረፍቲ ንምግባር ዝተሓሰበ እንክኸውን እቱ ትክክለኛ መዓልቱ፣ ሰዓቱ፣ እቱ ናይተለኮንፈረንስ ቁጽሪ እቱ እዋን ክቐርብ ከሎ ክለአኽ ምዃኑ አፍልጥ። ከብዙይ ብተወሳኺ ዝኾነ ሓሳብ/ርኢቶ ዘሎኩም ካብዙ ቀጺሉ ዝተቐመጠ አድራሻ ብዝጠዓመኩም ንኽትልእኩለይ ብትሕትና እሓትት።

ቆጽሪ ተለፎን፣ +45 39673312/ +45 61674473

ኢመይል፣ tesfay5desta@hotmail.dk

መተሓሳሰቢ፣ ኩልኻትኩም ንዙ ጸዋዒት ዝረኸብኩም ንቶም ንዘይረኸቡ ንኽተመሓላልፉን ክተፋልጡን ብዝለዓለ ትሕትና እሓትት።

ተስፋይ ደስታ

ደንማርክ